# ሓጺር መብርሂ ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ሩስያን




ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

እዚ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኣስመራን ሞስኮን ብዛዕባ'ቲ ዝምድና ዝቀረበ ሓጺር መብርሂ እዩ። ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ቅድሚ ሩስያ ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ኣብ ሰነ 1994 ኢምባሲ ምኽፋታ፡ ናጽነት ኤርትራ ኣብ 24 ግንቦት 1993 ምስ ተኣወጀ'ዩ ጀሚሩ። ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ፌደራዊት ሩስያ ግን ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ ሰነ 1996 እዩ ተኸፊቱ። ይኹን'ምበር ፖለቲካዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ኣብ እዋን ሕብረት ሶቬት ነበር፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ መጨረሽታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጉዳይ ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ እንኮላይ ኤርትራ ክርኢ ምስ ጀመረ ዝተኸስተ ጥንታዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎ እዩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ዝምድና ናቱ መንቅብን ጽቡቕን ሕማቕን ክፉእን'ኳ እንተ ሃለዎ፡ ባህላዊ ምትእስሳር ክልቲኣን ሃገራት ግን ከምቲ ብዙሓት ታሪኻዊ ምንጪታት ዘረጋግጽዎ፡ ምስ ምውላድ ኤርትራዊ ዝመበቆሉ ሩስያዊ ዓቢ ኣለክሳንደር ቡሽኪን ኣብ መጨረሽታ ዓመት 18 ክፍለ ዘመን ዝጀመረ እዩ።

ክልተኣዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ብዝምልከት፡ ኣብ'ቲ ቀዳማይ መድረኹ ዓቢ ትርጉም ዘውሃቦ ዝተወሰነ ፍሉይ መለለይታታት ኣይነበሮን። እንተኾነ ግን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣብ መብዛሕትኡ ኣህጉራዊ ጉዳያት ስሙር ኣረኣእያን ሓደ ዝመረዳታኡ ትንታነታትን ኣፈታትሓን ብምኽሳቱ እቲ ዝምድና ቀስ ብቀስ ክሰፍሕ ክኢሉ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ነሓሰ 2018 ናብ ሩስያ ዑደት ብምክያድ ምስ መዘናኡ ሩስያዊ ሰርጌ ላቭሮቭ ኣብ ሶትሺ ዘካየዶ ዘተ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት

ኣብ መዳያት ንግዲ፡ ቍጠባ፡ ወፍሪ፡ ዕደና፡ ትሕተ-ቅርጺን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲን ሞያዊ ስልጠናታትን ናይ ምትሕግጋዝ መሰረት ኣንጺፉ።

ከምኡ’ውን ክልቲኦም ሚኒስተራት ኣብ መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሰላምን ጸጥታን ንምርግጋጽ፡ ጉዳያት ኣፍሪቃ ብኣፍሪቃውያን ምፍታሕ ኣብ ዝብል እስትራተጂ ተመርኲሶም፡ ብዛዕባ ዞባዊ ጉድያትን ብሰላማዊ ኣገባብ ኣፈታትሕኦምን ብዝምልከት ተመያዪጦም። ኣብ’ቲ ርክብ ክልቲኦም ወገናት፡ ኣስመራን ሞስኮን ንክልተኣዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ረብሓታተን ብዘዕውት መገዲ ጥቡቕ ምውህሃድ ክገብራ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጾም። ኣብ ክሊ’ዚ ዝምድና ኤርትራን ሩስያን ቅልጡፍ ምብርባር ዘርእየሉ ዘሎ ህሞት፡ ብደረጃ ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳይ ክልቲአን ሃገራት፡ ወግዓዊ ጽዑቕ ዑደታትን ርክባትን ተኻይዱ።



ከም ውጽኢቱ ኸኣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ግንቦት 2023ን ከምኡ ድማ ኣብ’ቲ ዓመት ኣብ ጉባኤ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ኣብ ሓምለን ክልተ ዑደታት ናብ ሞስኮ ፈጺሙ። ኣብ ክልቲኡ ርክባት፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሩስያ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ዝምድና ኣብ ዝተፈላለየ ንግዳዊ ቍጠባዊ፡ ትምህርታውን ካልእን መዳያት ብመሰረት መዓርነትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ከተሐይሎ ድልውቲ ምህላዋ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኤርትራ ብወገኑ፡ ኣብ መንጐ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝህሉ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ኣብ’ቲ ናይ ኤርትራ እስትራተጂያዊ ውጥን ዝተመርኮሰ ኣብ ዘቕረቦ ግብራውን ዝርዝራውን መደባት ኣብ ጽላታት ትሕተ-ቅርጺ፡ ጽርግያ፡ ወደባት፡ ማዕርፎ ነፈርቲ፡ መገዲ ባቡር፡ ጽዓት፡ ዕቃበን ምሕደራን ሃብቲ ማይን መስኖን፡ ምትእትታው ተክኖሎጂን እስትራተጂ ምምዕባል ጸጋ ሰብን ዘተኮረ ነይሩ። ምምዕባል ሰብኣዊ ጸጋ ካብ ቀዳምነታት መደባት ሃገረ ኤርትራ ምዃኑ ኸኣ ጸቒጡ ተዛሪቡ። ከምኡ’ውን ኣብ ክሊ ምትሕግጋዝን ወፍሪን ክልቲአን ሃገራት ዝኣትዉ ካልኦት ኣብ መደባት ኤርትራ ዝተሰርዑ

ከም ጸጋታት ነዳዲ፡ ጋዝ፡ ማዕድናትን ካልእን ኣቕሪቡ። በዚ መሰረት እምበኣር፡ ሩስያ ኣብ ምምዕባል ሰብኣዊ ጸጋ ኤርትራ ኣበርክቶ ክትገብር ትኽእል እያ። ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ንሓሳባት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምድጋፍ ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ "ብመሰረት ዘመሓላለፍኩዎ መምርሒ ዝለዓለ ናይ ሓባር ናይ ክኢላታት ጉጅለ ከም ዝቆመን ተሓጋጋዚ ሚስተር መክሲም ኦሪሽኪን ዝመርሖ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ንግዲን ቊጠባዊ ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ዘሎ ዕድላት ከጽንዕ ከም ዝኾነን" ኣረዲኡ።

ውጽኢት ናይ'ዚ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ክልተኣዊ ምትሕግጋዝን ካብ ተጽዕኖ ዝረሓቀ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ዝተመርኮሰ ብዝለዓለ ደረጃታት ኣብ መንጎ ኤርትራን ሩስያን ዝተኻየደ ርክባትን ዘተታትን ኣብ መንጎ ኣስመራን ሞስኮን ንህዝብታት ኤርትራን ሩስያን ዘርብሕን ናብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣህጉርናን ዓለምን እወታዊ ጽልዋ ዝገድፍን ዓቢ ናይ ምትሕግጋዝ ኣንፈት ከምዘሎ ዝሕብር እዩ።

ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ቊጥባዊ ብዙሕነት ዝተሰረተ፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ሓባራዊ ረብሓታትን ዘለዎ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ኢዱ ዘይእቱን ካብ'ቲ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቊጠባዊ፡ ስነ-ፍልጠታዊ፡ ተክኖሎጂያዊ፡ ሓበሬታዊ፡ ዜናዊ፡ ፕሮፖጋንዳዊ፡ ወተሃደራዊ ምትእትታውን ረብሓታቱ ንምግልጋል ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ስርዓታት ንምቅያር ዝንቀሳቐስ ኣሉታዊ ኣተሃናንጻ ኣሃዳዊ ቊጥባዊ ስርዓት ዝረሓቀ መሰረት ሓድሽ ኣህጉራዊ ፖሊሲ ንምቛም ሓባራዊ ዕግበት ኣሎ። ኣሃዳዊ ቊጥባዊ ስርዓት ካብ ሰብኣዊ ሕልና ርሒቑ ኣብ ላቲን ኣሜሪካን ኤስያን ኣፍሪቃን ዝፈጸሞ ሰብኣዊ ህልቂት፡ ምዕናው ትካላት ሃገራት፡ ምዝማት ጸጋታት ኣህዛብ፡ ምፍራስ ሰብኣዊ ክብርታትን ስልጣነታትን ሕማቕ ኣሰር'ዩ ገዲፉ። ኣብ ሃገራቶምን ከባቢኦምን ናይ ውክልና ኣዕናዊ ተራ ዝጻወቱ ብመጻኢ ህዝቦምን ሃገራቶምን ዝጣልዑ ናይ ኲናት ጎይቶት'ውን ፈጢሩ እዩ።